# ወይ ዘመን ዘመን ግርንቢጡ

ወይ ዘመን ዘመን ግርንቢጡ
ማይ ንዓቀብ መንገዱ ለዊጡ
ሰፍ ብሰፈሩ ተሓንጢጡ
ሰረገላ ንፈረስ ወጢጡ
ማርተሎ ንሓጋዳይ ለጢጡ
ቅጫ ንመጎጎ ገልቢጡ
ሳዕሪ ናብ ሓዊ ኣፍጢጡ
ጡጥ ንሓጺን መጢጡ
ተሓጋሚ ከሎ ተሓዝ ልቢ ጠሪጡ
ሰብኣይ ከም ሰበይቲ ተወቂጡ
ማሕስእ ንወኻርያ ሓንፈጡ
ብሑቅ ንመጥሓን ለንቂጡ
ወዮ መላግቦ ናብ ሰረት ተሰልቢጡ
ኮሚደረ ንድንሽ ቀሊጡ
ሓምሓም ዕደ ኸኣ ንእምኒ ቀጥቂጡ
ግቡእ ተሪፉ ዘይንቡር ሰሊጡ
ዝጸነሐ ክብርታት ድሕሪት ተራሕጊጡ
ሰብ ወዲ ሰብ ኣብዕዳጋ ተሸይጡ

ወይ ዘመን ዘመን ግርንቢጡ
ማይ ንዓቀበት መንገዱ ለዊጡ
ናይዛ ዓለም ነገር ብዙሕዩ ዋጢጡ

**ኣቡ ያረድ**